# መግለጺ ሓዘን




ሓውናን ብጻይናን ተስፋሁነይ ተኽለ ብዕለት 16-01-2017 ዓ.ም. ድሕሪ ነዊሕ ስቓይ ብሕማም ስለ ዝዓረፈ መሪር ሓዘን ተሰሚዑና።

ብጻይና ተስፋሁነይ ተኽለ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ንማሕበርና ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ንምምስራት ሓደ ካብቶም ብንዋታዊን ሞራላዊን ዓቢ ሞያ ዘበርከተ ክቡር ኣካል ክሳዕ ዕለት ዕረፍቱ ምስ ክብርቲ በዓልቲ-ቤቱን ቀጻሊ ንጥፈታቶምን ኣበርክቶኦምን ከካይዱ ዝጸንሑ ስድራ ቤት ኢዮም።

ንሕና ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ በዚ ወሪዱ ዘሎ ዕረፍቲ ብጻይና ተስፋሁነይ ተኽለ ኣዝዩ መሪር ሓዘን እንዳተሰመዓና፤ ብቐዳምነት ንስድራቤቱ፤ንዓና ድማ ዓቢ ሰብ ስለ ዝጐደለና ብስመይን ብስም ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኰይነ ፡ ንነፍሰሄር ተስፋሁነይ ተኽለ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ፤ ንስድራ-ቤቱን ንኵሎም ኣባላት ማሕበር ኣካለ ጽጉማንን ፈተውትን ጽንዓት ይሃብኩም እንዳበልና መሪር ሓዘንና ንገልጽ ።

ሓውኹም ተስፋይ ተኽለዝጊ

ሓላፊ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ